# ምዕራፍ 17

## ምውሓስ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን

*ኩናት፡ ኣብ ክንዲ ፍታሕ ዓወት ዘናዲ ውሳኔ ኢዩ። ዕርቂ ሰላም ነቲ ምንጭታት ናይቲ ግጭት ንምፍታሕን ሆነት ናይ ጃላነት ንምምላስን፣ ብሉ ኣቢልካ ድማ፡ ኣድላይነት ናይ ዓወትን ስዕረትን ንምግላፍ ዚግበር ፈተነ ኢዩ። - ጂም ዋሊስ*

***ምዕራፍ 17 ፥- ምውሓስ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን*** ነቲ ቀንዲ ትሕዝቶታት ስምምዕ ኣልጀርስን፡ ነቲ ንምትግባሩ ዚተኻየደ ጻዕርን ትጸምቑ። ንግድፈት ወይ ዘይምቛም ናይታ መርማሪት ኮሚሽንን ምቛም ናይተን ኮሚሽናት ካሕሳን ዶብን ትገልጽ። ጽማቑ መግለጺ ናይቲ ኮሚሽን ካሕሳ ዚበየኖ ናይ መወዳእታ ፍርዲ ካሕሳ፣ ግዝኣታዊ ትርጉም ናይቲ ውሳኔ ምድራት ዶብ ኮሚሽን ዶብ፣ ኣገዳስነት ናይቲ ሕጋዊ ምምልካት ዶብ ኣብ ወረቐት (virtual demarcation)፣ ተቐርብ። ብተወሳኺ፡ ንተራ ክልቲኡ ወገናት ኣብ ምኽባር ናይቲ ነፍሲ ወከፉ ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ዚኣተዎ ውዕላዊ ግዴታታት፣ ንፍሽለት ምርግጋጽ ነባሪ ሰላም ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ትግምግም ።

ብተወሳኺ፡ እዛ ምዕራፍ'ዚኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰላም ንምምጻእ ዚተኻየደ ጻዕሪ ጸጥታዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዚዓንቀፈ ስእነት ምግጥጣም ናይ ረብሓ፡ ስእነት ሓድነት ናይ ዕላማ፡ ስእነት ጥምረት ናይ ፖሊሲ፡ ትምዝግብ። ምእንቲ ሓባራዊ ረብሓታት ናይቲ ኣሕዋት ህዝብታት፣ ነቲ ኣሸጋሪ ታሪኻዊ ተዘክሮ ንምህሳስ፣ ርጉእ ሰላምን ንቡር ዝምድናታትን ንምምላስ፣ ኣድላዪነት ምሉእ ትግባረ ስምምዕ ኣልጀርስ፤ ማለት፡ ዘይዅነታዊ ምቕባል ናይ ኢትዮጵያ ነቲ ብኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዚተደረተ ዶብን ምኽባር መሬታዊ ምሉእነት ኤርትራን፣ ተጉልሕ፤